# ፀሓይ ጠሊምክኒ

By Hilawe Alemu 07-09-18



ፀሓይ መትዓቢተይ

ፀሓይ መትሓስብተይ

ፀሓይ መሳድደይ......

ፀሓይ ፀሓይ በርቂ... ፀሓይ ናይ ገዛና

እንታይ ድኣ ሃዲምክኒ.... ተጎልቢብኪ ደበና

ኣየውፃኸንንዶ ትማሊ ካብ ገዛይ
ኣይመራሕክንን ዶ መንገዲ ስደተይ

ስለምንታይ ድኣ ሕዚ

ምስ ነኸሰ መርዚ

ምስ ነኸሰ መርዚ መርዚ ናይ መቕተልቲ

ትመርሕንን ተብርህን ከምዘይነበርኪ

ንምንታይ ጠሊምክኒ

ከምዛ ዘይንፋለጥ ሕዚ ሃዲምክኒ?

ፀሓይ መትዓቢተይ

ፀሓይ መትሓስብተይ

ፀሓይ መሳድደይ......

ኣይኮብኮብክንን ዶ ከም ጥሪት ገዛኺ

ኣይሓበርክንን ዶ ሰናይ ኣሎ ኢልኪ

ኣይወሰድክንን እንዶ ብባሕርን በረኻን

ስደት ጥዑም እዩ ዶ ኣይተበሃሃልናን

ስለምንታይ ድኣ ሕዚ ዝጠፋእኺ

ኣብራኽይ ደኺሙ

ተስፋታተይ ቅሂሙ

ንፋለጥ ዲና ኽ ኢልኪ ዝኅየኺ?

ስለምንታይ?

ስለምንታይ?

ናተይ ዝበልኩኺ ናተይ ዝበልክኒ ኣይ ሓደን ዲና

ኣብ ማእከል ደርቢኽኒ ኣብ በረኻ ሲና

ክትጠልምንስ ሕራይ

ክትክሕድንስ ሕራይ

እዛ መልእኽቲ እዚኣ ግን በጃኺ ውሰድለይ!